Coptic Orthodox Patriarchate
His Holiness Pope Tawadros II
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
The Papal Center

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
المقر البابوي

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
222 شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر

Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org 0235365880 :فاكس 024822580 :تليفون

*Tigrinya - Resurrection 2025*

**በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።**

**ክርስቶስ ተንሥአ፡ በኣማን ተንሥአ!**

ብምኽንያት እቲ ዓቢይ በዓለ ትንሣኤ ንኹልኻትኩም እንቋዕ ሓጐሰኩም ክብል እፈቱ። ነቲ ኃምሳን ኃሙሽተን መዓልቲ ዝገበረ ቕዱስ ጾም እንጽንብለሉ በዓል። ነዚ ኽቡር ነገረ ትንሣኤ ንዝቕጽሉ፡ ቅዱስ በዓለ ኃምሳ ኢልና እንጽውዖ፡ ኃምሳ መዓልታት ክነብዕሎን ክንጽንብሎን ኢና።

ኣብዚ ዓቢይ በዓለ ትንሣኤ፡ እግዚኣብሔር ዝገበረልና፡ ብትንሣኤኡ ኣቢሉ ዝዓደለና ሥሉሳዊ በረኸት እናሓሰብና መዓልቲ ሓጐስ ንገብር። ፍቕሪ፡ ጸጋ፡ ኅብረት ዓደለና። ዘወትር ኣብ መዕረጊ ቃል ናይ ኵሎም ጸሎታት እንእውጅ ነገር እዚ እዩ። ፍቕሪ እግዚኣብሐር ኣብ፥ ጸጋ ብሑተ-ልደት ወልድ፥ ኅብረት፡ መክሊትን ውህበትን መንፈስ ቅዱስ ንብል። ነዚ ሥሉሳዊ በረኸት ከኣ ኣብ በዓለ ትንሣኤ፡ ሓደው ብምኽንያት በዓለ ትንሣኤ ዝተቐበልናዮ እዩ።

ቅድም፡ እቲ እግዚኣብሔር፡ ንዓና ብዘለዎ ፍቕሪ ናብ ዓለም ክሳብ ምምጻእ፡ ዘፍቀረና ፍቕሪ። ኣቐዲሙ ኣፍቂሩና እሞ እዩ፡ ነፍቅሮ። (1ይ ዮሓ. 4፥9)

እዚ እቲ ኽቡር ትስብእቲ ነበረ። እቲ ኽቡር ትስብእቲ ናባና ናብቶም ኣብ ምድሪ መንብሮና ዝተገብረ ኣምላኻዊ መገሻ ነበረ። ፍቕሩ ብደረጃ ሓሳብ፡ ብዘረባ፡ ብማዕዶ ዘይኮነ፡ ኣማናዊ ፍቕሪ ነበረ። መጸ፡ ተሰብአ፡ ቃል ሥጋ ኾነ፡ ኣባና ኃደረ፡ እንሆ’ውን ክብሩ ርኤና። (ዮሓ. 1፥14)

እንሆ እግዚኣብሔር ንዓለም ከምዝን ክንድዝን ኣፍቀሮ። እቲ ኣፍቃሪ ናብቲ ተፈቃሪ ኸንዲ ኽመጽእ ከሎ ዝኸውን ቅርበታውን ጽኑዕን ፍቕሪ ወይኬ የልቦን። ኣብ መንጎና ዘሎ ሰብ ነፍሰ-ወከፉ፡ በቲ ፈቃር ኣምላኽ ተፈቕረ።

ሽዑ እምበኣር፡ እቲ ዓቢይ ጸጋ መጸ፤ ጸጋ ትንሣኤ፡ ጸጋ ኅድገት፡ ጸጋ ድኅነት፡ ጸጋ ትሕድስቲ። ነዞም ጸጋታት እዚኦም ብሳላ ግብሪ ክርስቶስ ረኺብናዮምን ተቐበልናዮምን። ኣብዚ ምድሪ ሰብ ምዃኑ፡ ሽዑ ምእንታና ኣብ ልዕሊ መስቀል ዝኾነ ክቡር ሞቱ፡ ሽዑ ምእንቲ ድኅነትና ዝኾነ ትንሣኤኡ። ከም እንፈልጦ፡ ትንሣኤ፡ “ናይ ምትሣእ ተግባር” ዝኃዘ እዩ፤ ኃያል ተግባር። ሓደ ኹፍ ኢሉ ዝነበረ’ሞ ዝተሥአ፡ ተሢኡ’ውን ብዘለዎ ዝቕጽል ሰብ። እዚ ምልክት ድልውነት፡ ምልክት ምሉእ ጥዕና እዩ፤ ምትሣእ። በዚ ምኽንያት፡ ናይ ዕለት መዝሙር ውዳሴና “ተሥኡ፡ ዎ ደቂ ብርሃን፡ ንጐይታ ሰራዊት ነመስግኖ” ኢልና ንጅምሮ። ደቂ ብርሃን ዝተባህሉ ደቂ ትንሣኤ እዮም። “ተሥኡ” ብዝብል ግሂ ኢና ድማ እንጅምር። እዚ እምበኣር እዩ፡ እቲ ሓጐስ እንገብረሉ ኽቡር በዓለ ትንሣኤ።

ኅብረት ናይቲ ብሓደ ፍቕሪ ኣጀሚሩ፡ ኣብ ሓንቲ ቤተክርስቲያን፡ ኣብ ሓደ ሃይማኖት፡ ኣብ ሓደ ዕዮን ኣብ ሓደ ተስፋን ዘኅብረና መንፈስ ቅዱስ’ውን እባ ኣሎ። ኵላትና ክፍላተ-ኣካል ሰብነት ክርስቶስ ንኸውን። ክርስቶስ ድማ ናይዚ ሰብነት’ዚ ርእሲ ይኸውን። ግብረ መንፈስ ቅዱስ ኣባና፡ ብእተቖደሱ ምስጢራተ ቤተክርስቲያን፡ ብጸሎታት፡ ብኅብረታዊ ንባባትን ብኹሎም መንፈሳዊ ዕዮታትን ንኹላትና ሓደ ማኅበር ምግባር እዩ።

እዚ ፍቕሪ እዩ፡ እዚ ጸጋ እዩ፡ ከማኡ'ውን እዚ ኅብረት እዩ። ስለዝኾነ'ውን፡ ኣብ ሓድሕድ ጸሎት፡ እቲ ካህን በዞም ቃላት ጌሩ ንጸሎት የዕርጎ። እግዚኣብሔር ኣባና ዝዓዮ ናይ ፍቕርን ጸጋን ኅብረትን ዕዮ የዘኻኽረና። እዚ ኣብ ምንባባት ቤተክርስቲያን እንከታተሎ ናይ ሕይወት ምህሮና እዩ። እዚ ኸኣ፡ ንምሉእ ዓመት ከገልግል ኣብ ዝተሠርዔ ቅብጣዊ ናይ ጊዜ ቕዳሴ ምንባባት ወንጌል ዝርከብ እዩ። ኣብ ወርኃት ቱትን [መስከረም] ባባን [ጥቅምቲ] ብዛዕባ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ንመሃር። ካብ ሃቱር [ኅዳር] ጀሚሮም ብድኅሪኡ ኣብ ዘለዉ ኣዋርኅ ከኣ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ውሽጥና ኃዲሩ ዝዓዩ ናይ ብሑተ-ልደት ወልድ ጸጋ ንመሃር። ብምቕጻል፡ ኣብቶም ዝተረፉ ናይ ሓሳበ-ቅብጢ ኣዋርኅ፡ ብዛዕባ ኅብረት፡ መክሊትን ውህበትን መንፈስ ቅዱስ ንመሃር።

ትንሣኤ ዓቢይ ኃይሊ እዩ። ብተምሳሌት ጌሩ ስለ ኃይሊ ትንሣኤ ዝነግር መሳጢ ጽዋ እንሆ:- ገለ ሕፃናት ናብ ሓዊ ኼዶም "ኣብ ምድሪ እቲ ዝኃየለ ንስኻዶ ኢኻ፧" በልዎ። "ኣይፋል፡ ማይ እባ ደኣ ካባይ ይኅይል'ዩ" በሎም። ሽዑ ናብ ማይ ኬዶም "ኣብ ምድሪ እቲ ዝኃየለ ንስኻዶ ኢኻ፧" በልዎ። "ኣይፋል፡ ፀሓይ እምበር ካባይ ይኅይል እዩ። የህፍፈኒ።" በሎም። ናብ ፀሓይ ኬዶም'ውን፡ "ኣብ ቅድሚ ምድሪ እቲ ዝኃየለዶ ኢኻ፧" በልዎ። ፀሓይ ድማ "ኣይፋለይን፡ ደመናታት እኳ ይጋርዱንን ይኸውሉንን እዮም" በሎም። ሽዑ ናብ ደበና ኸይዶም "ኣብ ምድሪ እቲ ዝኃየለዶ ኢኻ፧" በልዎ። ንሱ "ኣይፋለይን፡ ንፋስ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይወስደኒዶ ኣይኮነን" በሎም። ናብ ንፋስ ብምኻድ ከኣ "ኣብ ምድሪ እቲ ዝኃየለዶ ኢኻ፧" በልዎ። ንፋስ በሎም፡ "ኣይፋል፡ እምባ እኳ ደኣ ካባይ ይኅይል። ከመይ'ሲ፡ ኣብ መንገደይ እምባ እንተተጓነፈኒ ኣንፈተይ እቕይር፡ ብእኡ ሰንጢቐ ኸኃልፍ ኣይከኣለንን።" ሽዑ ናብ እምባ ኸይዶም፡ "ኣብ ምድሪ እቲ ዝኃየለዶ ኢኻ፧" በልዎ። "ኣይኮንኩን፡ ሰብ ከፍርሰኒ ይከኣሎ እዩ" መለሰሎም። ሽዑ ናብ ሰብ ከይዶም "ኣብ ምድሪ እቲ ዝኃየለዶ ኢኻ፧" ምስበልዎ "ኣይፋል፡ ሞት'ዩ ዝኅይለኒ፣ ንሞት ከሰንፎ ኣይክእልን'የ" በሎም። "ዋእ፡ እስከ ንሞት ድማ ንሕተቶ" ተባሃሉ። "ኣብ ምድሪ እቲ ዝኃየለዶ ኢኻ፧" በልዎ። ከምዚ ድማ በሎም፡ "ኣይፋሉን፡ ክርስቶስ እዩ ኃያል። ከመይ፡ ብሞት ንሞት ረገፀ።" እወ፡ ክርስቶስ ኣብ መልዕልተ መስቀል ብምማት ንሞት ረገፆ። ከመዮ ሓዋርያ ጳውሎስ ዘስተምህረና'ዩ፡ "አ ሞት፥ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ፧ አ ሞት፥ ኣበይ ኣሎ ምውጋእካ፧" (1ይ ቆሮ. 15፥55)

ክርስቶስ ኣብ መልዕልተ መስቀል ሞተ፡ ንሞት ስዒሩ ኸኣ ኻብ መንኅ ምዉታን ተሥኤ። በዚ ኸምዚ ዘለዓለማዊ ሕይወት ረኺብና። ንብል'ውን፡ "ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን፡ ሞተ ወኬዶ ለሞት፡ ለእለ ውስተ መቃብር ወሀበ ሕይወተ ዘለዓለም [ዕረፍተ] "

ኣብዚ በዓለ ትንሣኤ፡ ንኹላትኩም እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንኹላቶም ሊቀ ጳጳሳት፡ ጳጳሳትን፡ ካህናት፡ ቆመሳት፡ ኣንስቲ ካህናት እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንኹላትኩም ዲያቆናትን መዘምራን እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ንኹሎም ኣገልገልትን ኦርቶዶክሳውያን ስድራቤታትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ኣብ ኵሉ ኣገልግሎት፡ ኣብ ኵሉ ቤተ ክርስቲያን፡ ኣብ ኵሉ ኵርናዕ ዓለም ዘሎኹም መንእሰያት እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ሓደ ካብቲ ናይዚ ዓመት ፍሉይ ኣጋጣሚ ዝገብሮ፡ ኵላትብና ክርስቲያን ኣብ ምሉእ ዓለም ብኃባር ክቡር በዓለ ትንሣኤ ነብዕል ስለ ዘሎና ኢዩ። ጉባኤ ንቅያ፡ መበል 1700 ዓመቱ ዝዝከረሉ ዓመት ብምዃኑ ድማ፡ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ይገብሮ። እዚ ጉባኤ እዚ፡ "ብሓቂ፡ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን" ዝብል ዓንቀጸ እምነት ዝረቐቐሉ ኢዩ። ንኣብ ዓለም ምሉእ ዘሎዋ ኣብያተ ክርስቲያን እንቋዕ ኣብጽሓክን እብል። ካብ ግብጻዊት ኣደ ቤተ ክርስቲያን ድማ፡ ፍቕራ እሰደልኩም። ኣብ ሰሜን ኣመሪካ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ፡ ኣፍሪቃ፡ ኢየሩሳሌም ኤስያን ኣውስትራልያን ንዘለኽን ኣብያተ ክርስቲያን እንቋዕ ኣብጽሓክን እብል። እተባረኸ በዓልን ትንሣኤ ምስ ክርስቶስን ክሳዕ ዕምሪ ሕይወትኩም ዝኸይድ ሓጒስን እምነ። ፍቕሪ፡ ጸጋን ሰዓብነትን ኣይንረሳዓየን። ንኣምላኽ ክብርን ምስጋና ካብ ሎሚ ክሳዕ ዘለዓለም ይኹኖ። ኣሜን!